# ናብዚ ባ ምጹና፦

ንኹሉኹም ቆላዑ፣ መንእሰያትን ወለድን ኣብ ናይ ስፖርት ክለባትና ክትካፈሉ ዘለና ሃረርታ ክንገልጸልኩም ንፈቱ። ኣብዛ ንእንሽቶ ጽሕፍቲ ኣበየኖት ክለባትን ብኸመይን ኣባል ክትኮኑ ከምትኽእሉ ከተንብቡ ትኽእሉ።




Tigrinja (Eritrea)

# ናብከምዚ ስፖርት ብደሓን ምጹ፡-

ንኩልኹም ቆላው፣ መንእሰያትን ወለድን፤ ናብ ናይ ስፖርት ክለባት ክትመጹና ብሃረርታ ንጽበ። ኣብ ኖርወይ ዳርጋ 12000 ዝኾና ናይ ስፖርት ክለባት ኣለዋ። ናይ ስፖርት ክለባት ንኹሉ ዓለት፣ሞቦቀል፣ ቋንቋ፣ባህሊ፣ዕድመ፣ጾታን፣ስልንክልናን ከይበላ ንኹሉ ሰብ ብዘይ ኣፈላላይ ይቕበላ። እንታይ ዓይነት ንጥፈታት ከምዘለና ንምርኣይ ብደሓን ምጹና ፤ ካብተን ዘለዋና ንጥፈታት ኣብ ኣየናይ ክትካፈሉ ትደልዩ ግን እቲ ምርጫ ንዓኹም ንገድፎ። ብሉጽ ዝኾነ ንጥፈታት ኣብ ኢድ ጥዑያት ሰባት፣ መስተ ዘይፍቀዶን ኣብ ጽቡቕ ሃዋሁ ከምነኤንግድ ክንገልጸልኩም ንፈቱ። ናይ ክእለት ደረጃ ብዘየገድስ ኩሉ ክጅምር ይኽእል። ሓደሓደ ክለባት ደቆም ሒዞም ንዝመጹ ወለዲ ንጥፈታት የዳልዋሎም።

ንዝያዳ ሓቤረታ ብድሕሪት ኣብዛ ንኡሽተይ መጼሄት ኣላትኩም መሪጽኩም ኣንብቡ።

Cover photo: Håkon Jørgensen



Photo: Håkon Jørgensen

# ናይ ስፖርትክለብ(idrettslag) እንታይ ማለትዩ፧

ናይ ስፖርትክለብ ኣብ ከባቢ እትነብረሉ ዝርከብ ኣገዳሲ መራኸቢ ሃይዋሁ ኢዩ። ብዙሓት ቆላው፣ መንእሰያትን ዓበይትን ዝበዝሕ ናይ ዕረፍቲ ግዜኦም ኣብ ከምዚ ስፖርታዊ ክለባት የሕልፍዎ። ኣብታ ክለብ ዝግበር ዓይነት ንጥፈታት ብኣባላታ ይውሰን። ኣብ ኖርወይ መብዛሕቲኡ ግዜ ከምዚ ዓይነት ክለባት ብወለዲ ፣ ብኣዕቤይቲ ወይውን ብካለኦት ሰባት ብድልየቶም ብዘይክፍሊትዮም ዘካይድወን።

ብዙሓት ክለባት ንደቅኹም ከምቲ ዝድለ መልሚሎም ባህታ ዝዘርኡ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ዝርከብዎም ኣስልጠንቲ ኣለወን።


Photo: Ingrid Maurstad, Oslo IK




# ስለምንታይ ኢኻኸ ኣብዚ ክትካፈል ዝምረጽ፧

## 1

**ምስካለኦት ብሓባር ክትሕጎስን ክትዘናጋዕን፦**
ኣብ ስፖርታዊ ንጥፈታት ዝካፈሉ ቆላዑ ባህታ ስለዝፈጥረሎምዩ ናብኡ ዝመላለሱ። ምስ መሳቱኻ እትሕጎሰሉ ጥራይ ዘይኮነ ናይ ንሓውሩ ክእለትውን እተጥረየሉ ሃዋሁ ብምኻኑ። ኣብዚ ንሕድሕድካ ዒብ ምግባርን ሓላፍነት ምውስዳን ትመሃር። ድሕሪ ትምህርቲ ገለ ነገር ዝግበር ክህልወካ ንሂወትካ ተወሳኺ ትርጉም ይህቦ። ከም ናይ ሓንቲ ክለብ ኣባል ምስ ካለኦት ሰባት ብቐሊሉ ክትላለን ክትራኸብን ትኽእል። ብዙሓት መሓዙት ተጥሪ። ከምኡውን ኣባል ናይ ሓደ ዓብዪ ማሕበር(መርበብ ናይ ደቂሰባት) ትኸውን። ወለድን ኣዕበይትን ኣብ ናይ ደቆም ክለባት ምስ ዝዋሰኡ ንደቆም ዓብዩ ሓጎስ ይፈጥሩሎም።



## 2

**ምውስዋስ ኣካላት ንጥዕናኻ ስለዘደልድል፦**
ካብ ተሞክሮና ካብ በይንኻ ምስ ካለኦት ብሓባር ናይ ምውስዋስ ኣካላት ክትገብር ይቐልል።ብተወሳኺ ንቖልዑ፣ ጸወታ ዝበዝሖ ምንቅስቓሳት ኣዝዩ ኢዩ ዘሔጉሶም። ነብሲወከፍ ቆልዓ ድማ ካብኡ ብዙሕ ይመሃር። ጥዕና ዝህብ ዝተመጣጠነ መግቢ ምስ ምንቅስቓስ ኣካላት ክስነ ኸሎ ኣብ ዕለታዊ ናብራ ናይቶም ቆላዑ ብዙሕ ሓይሊ ይህቦም። ብዝሕዝበለ ሓይሊ ከኣ ኣብ ግዜ ትምህርቲ ነቒሖም ንኽከታተሉን ጻዕሮም ንኸሔይሉን ኣዝዩ ይሕግዞም። ብንእሽቶይካ ዘማዕበልካዮ ስፖርታዊ ንጥፈታት ምሳኻ ስለዝዓቢ ምስ ዓበኻውን ብቐጻሊ ኢኻ ተዘውትሮ።

3

**ዘየሻቕልን ጽቡቕን ፦**
ኩለን ስፖርታዊ ክለባት ዘየሻቕልን ጽቡቕን ኣገልግሎት ንቖልዑን መንእሰያትን ክህባ ይግደዳ። ኣብ ግዜ ስፖርት ኩሉ ሰብ ንጹር ዝኾነ መስምርዩ ዝኽተል። ዝኾነ ይኹን ሰብ ንኻሊእ ከናሽዎ ወይ ከነኣእሶ ኣይፍቀድን፣ ጾርፊ ይኹን ብሰንኪ ሕብሪ ቆርበትካ ኣድልዎ ክግበር ኣይፍቀድን። ምትህርራምን ሰብ ምሽጋርን ኣይፍቀድን።
ናይ ቖልዑን መንእሰያትን ኣሰልጣኒ ወይ ከኣ መራሒ ንኽትከውን ናይ ፖሊስ ፍቓድ የድልየካ። እዚ ንኹሎም ምስ ትሕቲ ዕድመን ስንኩላንን ዝሰርሑ ኮይኖም እምነትን ሓላፍነት እተንብረሎም ሰባት ዝምልከት

ኢዩ። ወለድን ኣእዕበይትን ውን ከም ኣሰልጠንቲ መራሕቲ ወይ ውን ዳኛታት ኮይኖም ከበርክቱ ይኽእሉ።

## ኖርወይ ብመሰረት «ንስፖርት ዝምልከት ናይ ቆላው መሰላት» ን «ሕግታት ናይ ቆልዑ ስፖርት» ን ጌርካ ስፖርታዊ ጥፈታት ክካየድ ትጠልብ።


Photo: Håkon Jørgensen



# 4

**ምጻእሞ ኣበርክት፣ ምስ ሓደስቲ ሰባት ተራኸብ፦**

ናይ ስፖርት ክለብ ብቐንዱ ብወለንታውያን ብድልየቶም ዩ ዝካየድ። ወለድን ኣዕበይትን፣ኣሕዋትን ኣሓትን፣ ካለኦትን ብዘይ ኣታዊ ክሕግዙ ኣለናልኩም ይብሉ። ኩሎም ወለንታውያን ከክእለቶም ብምብርካት ነቲ ዝካየድ ንጥፈታት ዕውትን ኩሉ ተኻፋሊ ድማ ዝሕጎሰሉ ብቐረባ እትረኽቦ ናይ ስፖርት ሃዋሁ ይፈጥሩ። ኣብ ሓደ ናይ ስፖርት ክለብ ብዙሕ ዓይነት ስራሓትዩ ዘሎ፣ ገለ ካብኡ ምሕጻብ ናይ ስፖርቲ ክዳውንቲ፣ናይ ክለብ ገዛ ምጽራይ፣ ኣብ ግዜ ግጥም ናይ ፓርከሪንግ ሓለውቲ ምኳን፣ናብዝን ናብትን ቖልዑ ምዝዋርን ኣብ ናእሸቱ ድኳናት(ሽዮስክ) ምሻጥ። ምእንቲቲ ክለብ ኢልካ ዝግበር ንጥፈታት ዱግናድ ይበሃል። ዱግናድ(ብነትጻ ኣብ ስራሕ ምውፋር) ጽቡቕ ናይ ሓጎስ ስምዒትዩ ዝፈጥረልካ። ከም ኡውን ኣብ ናይ ሓባር ኣብ ናይ ደቅኻ እትገብሮ ሓገዛት ደስ ዩ ዝብለካ። ናይ ስፖርት ክለባት ምሉእ ብምሉእ ወለንታውያን ብዝገብርዎ ዓመታዊ ሓገዛትዩ ዝቐውም። ብኸምዚ ቆልዑን መንእሰያትን ጽቡቕ ናይ ስፖርት ኣገልጉለታት ይረኽቡ። ስለዚ ናትካ ደገፍ ብጣዕሚዩ ዝምስገን።

# 5

**ዋጋ፣ ምስቲ ትረኽቦ ኣገልግሎት ኣይዳረግን ፣ ሕሱርዩ፥ ኣብ ስፖርታዊ ክለባት ዝግበር ንጥፈታት ዝካፈል ኩሉ ክፍሊት ክኸፍል ኣለዎ።**

እዘን ዝስዕባ ክልተ ዓይነት ኣከፋፍላ  ልሙዳት ኢየን፥

1. ናይ ኣባልነት ክፍሊት፡ ኣብ ጥርኑፍ ስፖርታዊ ንጥፈታት ክካፈሉ ዝደልዩ ሰባት ኣባል ናይቲ ክለብ ክኾኑ ኣለዎም።

2. ናይ ልምምድ ወጻኢታት፡ ኩሎም ተኻፈልቲ ናይ ሓደ ዓይነት ስፖርት ወጻኢታቶም ይማቐልዎ። ን ኣብነት ሜዳ ምክራይ፣ መሳሪሕታት ናይታ ጋንታ፣ኣብ ዝተፈላለየ ግጥማት ንምክፋል ዝግበር ወጻኢታት።



Photo: Håkon Jørgensen



Photo: Håkon Jørgensen



Photo: Jens Haugen



# 6

## መሳሪሕታት

ኣብ ዝበዝሕ ንጥፈታት ንምክፋል ንኽእልዑ ፍሉጥ ዝኾነ መሳርሒ የድልዮም ከም ማልያ፣ ናይ ልምምድ ስረን መጉየዩ ጫማን። ነዊሕ ስረን መንዲል ናይ ርእስን ጌርካ ኣብ ልምምድ ክትካፈል ኣብ ኩሉ ዓይነት ስፖርት ፍቑድ ኢዩ። ብዙሓት ክለባት ከምዚ ዓይነት ዘድልየካ ነገራት የለቅሓ ኢየን።





Photo: Eirik Førde

ክለብና ኣባል ናይ ኖርወይ ናይ ስፖርት ማሕበር ንዘይሰንከሉን ስንኩላንን(ኦለምፒክን ፓራ ኦለምፒክን ኮሚቴ, NIF) ኢያ። ስፖርት ፣ዳርጋ 2.2 ሚልዮን ኣባላት ዝሓቑፍ፣ ናይ ኖርወይ ዝዓበየ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኢዩ።

ናይ NIF ራኢ «ስፖርታዊ ሓጎስ ንኹሉ» ኮይኑ፣ ዕላማና ንኹሉ ሰብ ስፖርታዊ ወይ ድማ ካሊእ ንጥፈታት ክገብር ንዝደሊ ምጥዕዓም ኢዩ። ዓይነታት ስፖርት ብ 54 ፍሉያት ክለባት ዝተጠርነፉ ኮይኑ ነብሲወክፍ ክለብ ርእሳ ባዕላ ተማሕድር።

ኩሉ ዓይነት ስፖርታዊ ንጥፈታት ካብ ስሩ ኣብ ዘን ዝስዕባ ጽቡቕ ስነምግባር « ስፖርታዊ ሓጎስ፣ ሓባራዊ ሪኢቶ፣ ጥዕናን ቅንዕናን» ይሙርከስ ኣብርሲኡ ኖርወጃዊ ስፖርት በዘን ዝስዕባ ብደሚቕ ይጽሎ «ወለንትነት (ብድለየት)፣ ዲሞክራሲ፣ ኣሕሊፍካ ዘይምሃብን ማዕርነትን»።

ኣብ ገለ ካብ ስፖርትዊ ንጥፈታትና ክትፍትኑ እንተደሊኹም፣ ተወከሱና።


Photo: Vidar Noreng


Photo: Stian Lysberg Solum, NTBscanpix

www.idrettsforbundet.no

NORGES IDRETTSFORBUND